***08/05/2009***

# *መልእኽቲ ወጋሕታ*

## *ኦ ደቂ ሃገር! ኦ ማሕበረሰብ ዓለም!*

## *ህዝቢ ብክቱር ጥሜት ይጸንት ኣሎ፣*

## *ሃገር መምለሲ  ናብ ዘይብሉ ጸድፊ ትኣቱ ኣላ'ሞ ሕጂ ኣፍ ኣርክቡልና።*

መሓዛ ጥሜትን ድክነትን፡ መሓዛ ውግእን ቆይቁን፡ መሓዛ ሞት፡ ሕማምን ድንቁርናን ዝኮነ ስርዓት በጋሚዶ መላኪ ኢሳያስ ውድቅቲ ዘንጠበላ ሃገርና ህዝቢ ዝበልዖ ዝልሓሶ ስኢኑ ካብ ዞባ ናብ ዞባ፡ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ንልመናን ስደትን ተቀሲቡ ኣሎ። እቲ ንልመና ናብ ከተማታት ዝፈረሰ ህዝቢ ድማ እቲ ዲክታተራዊ ስርዓት ኢሳያስ ከተማ ኣበላሺኩም ብምባል ሓፊሱ ኣብ ሓዝሓዝ እንዳ ስዓልን ዝኣሰር ዘሎ ኮይኑ እቲ ዝተረፈ ድማ ናብ ጋሽ ባርካ የግዕዞ ኣሎ። ህጻውንትን ሽማግለታትን ብጥሜት ይቅዘፉ ከምዘለው በብጊዚኡ ሰብ ሞያ ጥዕና ኣረጋጊጾም ጸብጻብ ኣቅሪቦም ኣለው። ሰብ ቆጽልን ሱራሱርን ይምገብ ኣሎ። ኣንስቲ ወተሃደራት ደቀን ሒዘን ናብቲ ሰራዊት ዝነቆጠሉ ከባብታት ከይደን ደቅኹም ተረከቡና ኣብ ኢድና ክሞቱና'ዮም ኢለን የረክበኦም ኣለዋ። ንሳቶም'ውን በጃኹም ካብታ ትወሃበኩም መቑነን ንመሕደሪ ነብሲ ደቅና ትካቦ ትከውን'ውን ትኮቡልና ብምባል ስለማርያም ስለ ጥሙያት ስለ ግዱያት ብጎሮሮኩም ክንሕዘኩም ኢሎም ንሰራዊት ምልማን ጀሚሮም ኣለው። ሰራዊትን ህዝብን ክረድእ ዓቅሚ ስለዝሰኣነ ዝንዛሕ እናነብዐ ሓዘኑን ቅዝሙኡን ደጉዑ'ውን ካብ ምግላጽ ዝሓለፈ ሓደ ነቲ ሓደ ክረድእ ዓቅሚ የብሉን። ኣብ መስጊድን ቤተክርስትያንን እናከደ እዝጊዮ መሓረና ክርስቶስ እናበለ ንፈጣሪኡ እዝጋብሔር ጸሎቱ ከብጽሕንንሕና ኣብ

ደገ ዘለናን ማሕበረሰብ ዓለምን ልብና ራህሪሁ ንክንበጽሓሎም'ዩ ለይትን መዓልትን ጸማሊያ መሲሉ መሰለት ምስሉ ተደዊኑ ዕርቃኑ ወጺዩ ዝጽልይ ዘሎ።

እቲ ናብ ዓጸቦ ገጹ በጺሑ ዘሎ ሂወት ደቂ ሰባት ምቅዛፍ ጀሚሩ ዘሎ ናይ ምድራቅ ክስተት ዳርጋ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና እዩ ተራእዩ ዘሎ። ብቐዳማይ ደረጃ ኣብ ዞባታት ደቡብን ሰሜንን ቀይሕ ባሕሪ ዝርከቡ ህዝብታት ከም ህዝቢ ከቢድ ዓጸቦ ገጢምዎም ዘሎ ክኸውን ከሎ ቀጺሉ ድማ ዞባ ዓንሰባ፣ ዞባ ማእከልን ዞባ ደቡብን ከከም ደረጅኦም ተቀሚጦም ይርከቡ። እቲ ዝሓሸ ዝበሃል ህዝቢ ዞባ ጋሽ ባርካ ክከውን ከሎ ንሱ'ውን ተኮነ ንርእሱ ብከፊል ተደሪቁ'ስ ንመሕደሪ ነብሲ ዓካት እናበልዐ ይናበር ከምዘሎ ተረጋጊጹ'ሎ። ጥሪት ዝስተ ማይን መግሃጫን ስኢነን ይሞታ ኣለዋ።  ስለዚ እቲ ሓደ ከባቢ ናብቲ ካሊእ ከባቢ ብምጥያስን ብምስፋርን ወይ'ውን ካብቲ ሓደ ቦታ ናብቲ ካሊእ ቦታ ብምጉዕዓዝ ክተርፍ ዝክእል ሂወት ከምዘየለ'ዩ ተረጋጊጹ ዘሎ።

እተን ዝርካበን መጣየሲ እናበለ ንይምሰል ህግደፍ ዝህበን ሓገዝ'ውን ኣብ ክንደይ ንሰን ኣይቐትላ ኣየድሕና ንዐዐን'ውን ሌላን ጉሌላን  ሓለፍ ዘላፍ ኣድለዎ እናውጸኣለን፣ ሳዋ ዝወረደ'ዶ፣ ስግረ ዶብ ዝከደ ቤተሰብ ከምዘይበሉ ዝተረጋገጸ እናበለ ይክልክል ስለዘሎ እቲ ዝመጽእ ሓገዝ ብዘይ ሻራዊ ኣካል ወይ'ውን በቲ ህዝቢ ባዕሉ ክከፋፈል ዘግብር መገዲ ክናናዲ ይግባእ። ህዝቢ ሸላሎ እቲ ካብ ገበርቲ ሰናይ ዝተውሃበ ሓገዛትን መጣየሲ ዝተብሃለ ገንዘብን ጥሪትን ሌላን ጉሌላን ስለዝተገብረሉ ንፈለማ ጊዜ ውዕውዕ ናይ ተቃውሞ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣካይዱ ኣሎ።

እዚ ዝህበና ሓበሬታ እንተሃለወ ሓገዝ እንተመጸ'ውን ህግደፍ ቅድመ-ኩነት እናደርደረ ንመደላደሊ ዕድመ ስልጣኑ ከምዝጥቀመሉ ስለዝኮነ ሓገዝና ኣዛይድና እቲ ዝሕገዝ ግና ኣብ መዓልኡ ዝውዕለሉ ዕድመ ስልጣን ኢሳያስ ንምንዋሕ በሪ ዘየርሕው ሜላ ክንጥቀም ጻውዒትና ነቕርብ።

ተጠቂሱ ዘሎ ክልቲኡ ነጥብታት ምስማዕ ከኒቡ እንተኣብዩና ውዕል ሕደር እንተኢልና ግና ኣብ ኤርትራ ክንሰምየን ክንሪኦን ዘይኮነ ፍጹም ዘይንሓልሞ ሓደጋ ከይፈተና ብዓይንና ክንርኢ ብእዝንና ክንሰምዖ ከምንቅሰብ እዚ ድማ ኣብ ውሉድ ወለዶ ተፋሒቁ ዘይፉሓቅ በሰላ ገዲፉ ከምዝከይድ ፈሊጥና ከም ወዮ ከይኮነ ወግን ከይተሰብረ ጸግን ከምዝተብሃለ ሕጂ'ውን ኩላህና ህዝቢ ኤርትራ ከይኮነ ክንበጽሕ ዜግነታዊ ጉብእና ይጠልበና'ሎ።

ማሕበረሰብ ዓለም እዚ ብዝኮነ ምክኒት ከዊልካ ዘይክወልን ብልክዕ ኣይተረዳእናዮን ነይርና ኢልካ ብምጥዓስን ዘይምክነ ኣብ ትሕሪ ዝኮነ ህሞት ተጎስዩ ዘይሕለፍ ህልው ኩነታት ሃገርና ዕሽሽ ኢሉ እንተሓሊፍዎ ንጎረባብቲ ሑሉፍ ሓሊፉ ዝተርፍ ናይ ስደት ዕልቅልቅን ኣብ ውሽጢ ሃገር ብዝፍጠር ሕድሕዳዊ ምቅትታልን ምስሊ ዓለም ዝድውን ነታ ኣብ ህልውናና ወሳኒ ግደ ዘለዋ ጊዜ ዘይበጽሓትልና ዓለም ኢልና ንውሉድ ወለዶ ቅሬታ ፈጢርና ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ዘለና እምንቶ ሃስዩ ኣወንታዊ ግደና ከይንጻወት ዝድርከና ምኽኑ ፈሊጡ ግምት ሂቡ ኣብቲ ናይ ጥፍኣት ስርዓት ኢሳያስ ጸቅጢ ጌሩ ናይ ነብሲ ምድሓን ሓገዝ ክገብርን እቲ ሓገዝ ድማ ኣብ መዓልኡ ምውዓሉ ክቆጻጸርን ብስም'ቲ ኣብ ሞንጎ ሂወትን ሞትን ተቐርቂሩ ሓገዝኩም ሃንቐው ዝብል ዘሎ ምስኪን ሕጻርናይ ህዝብና ንምሕጸነኩም።

*ናይ ሂወት ኣድሕን ሓገዝ ሕጂ ይገበር፡ ጽባሕ ኣንኸረ ከይኮነና!!*

*ሓገዝ መድሓኒ ትንፋስ ሰላማውያን ህዝቢ'ምበር*

*መጋበርያ መናውሒ ስልጣን ኢሳያስ ኣይከውንን!!*

*ኤዲቶርያል ቦርድ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ!!*

*ግንቦት 09 ዓመት 2009*